ኤርትራዊ ማሕበር ንሰላም ኣብ ባደንቩርተንበርግ
ERITÄISCHER VEREIN FÜR FRIEDEN
IN BADEN–WÜRTTEMBERG
الجمعية الإريترية للسلام

# ተረኽቦ ዕለት 18 መስከረም 2001

በዛ ዕለት ዚኣ 11 ስብ ስለጣንን እቶም ኣፍ ህዝብና ኮይኖም ዘሎ ሽግራት ህዘብና ኩነታት ሃገርና ብምቅላዕ ነቶም ዲሞክራሲኣዊ ኣንፈት ከተሕዙ ድልዱል ስርዓት ክተኽሉን ዝተበገሱ ሰብ ስልጣን ምርኩስ ብም ግባር ዘሎ ሽግራት ኣብ ሃገርና ንምቅላሕን ኣብ ኣፍልጦ ህዝቢ ንምስ ግጋርን ዝተቃለሱ ምዑታት ጋዜጠኛታትን ከምኡ'ዉን ኣይግድን ትገብ ርዎ ዘለኹም ባእሲ ኣይጽቡቕን ትሳማሚዕኩም ግዳ ንዘሎ ሃገራዊ ጸገም ፍትሑ፡ መስሓቕ ፈታዉን ጸላእን ከይትገብሩና ንዝበሉ ሽማግለታት ዓበ ይቲ ዓድን ብስርዓት ኢሰያስ ብጅምላ ተኣሲሮም ህዝብና ከአ ኣርሚምዎ እዚ ደ ካኣ ኣሎ እዩ፡ ኢሉ እታ ትመጾ ፈሊጡ ኣፉ እተሎግመላ ዕለት ኢያ።

ህዝብና ኣብታ እዋን'ቲኣ ብጩቕ ኢሉ እንተዝኽዉን እንተይኮን ምረኸቦ ይመስለኩም፤ እቲ ካብኡ ክሳዕ ሎሚ ዘሎ ጊዜ ጽብቅ ጌሩ ሓቢሩና ስለ ዘሎ ኣብ'ዚ ምዝርዛሩ ዘድሊ ኣይኮነን ህዝብና ግን ብሻዓ ነታ ነገር ኣስተብሂሊላ ምን ም ኣይበለን በቲ እዋን'ቲ ዉን ካብቶም ኣፎም ምስከፈቱ ንዊዓ ዝኽዱ ናይ ዩኒ ቨርሲቲ ተማሃሮ ግርም ዝኾነት መለበሚት ረኺቡ ጸኒሑ እዩ፤ይኹን ምበር እዚ ተረኽቦ'ዚ ሓደ ካብቲ ናይ'ዚ ኣብ'ዚ ጊዜና ዘሎ ቃልሲ ዘጓሃሃረ ረቛሒ እዩ።

ክቡራት ኤርትራዉኣን ኩልና ኣጸቢቕና ክምንዝክሮ እቶም ብዕለት 18 መስከ ረም ዝተኣስሩ ዓሰርተ ሓደ ሰብ ሰልጣን ካብ ዝእሰሩ ድሮ ኣርባዕት ዓመት ኮይኑ እዞም ሰበ ስልጣን እዚኦም ምስቲ ናቶም ዘኾነ ስርዓት ምስቲ ናቶም ዘኾነ ባይቶ ብመሰረት ሓቢሮም ዘቖምዎ ሕጊ ብግቡእ በቲ ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበረ ጌና'ዉን ከይተፈትሐ ዘሎ ኩነታት ሀገርና ክዝትዩ እሞ ነቲ ከፌኡ ዝነበረ ኩነታት ኣማሓይ ሾም ንኹነታት ሃገር ኣብ ንቡር ክመልስዎ እሞ ንዝመጽእ ከአ ካብ ዕንወት ክኽትል ዝኽእል ጌጋታት ተቐጢቦም ሃገር ብዝሓሸ መንገዲ ክትከይድ ኣብ ዝክኣለሉ ስርዓት ክትሰጋገር እዩ ዝነበረ ሓሳባቶም ንምባል ይካኣል፡ ካብኡ ሓሊፉ ከአ ካልእ ክሽዉን ኣይኽእልን እዩ።

ብኻልእ መንገዲ ዉን እቲ ናብ ኩሉ ዘማሓላለፍ መልእኽትን ብኣቶ በራኺ ገብረስ ላሴ በቲ እዋን'ቲ ናይ ኤርትራ ኤምባሲ ኣብ ጀርመን ዝነበረ ብቐጥታ ናብ ኢሳያስ ዝጽሓፎ ነዚ ብዓለም ዝቐርብ ዘነበረ ናይ ሰላም እማመ ንኽቕበልዎ ዘዘኻኽር እዉን ንህዝቢ ጽቡቕ ተበግሶ ከም ዝነበሮም ዝሕብር እዩ።

ዝኾነ ኮይኑ እዞም ሰባት እዚኣቶም ማእንቲ ልኡላዊት ሃገሮምን ድሕነት ህዝቦምን ተቓሊሶም ዘቃለሱ ብጉዳይ ሃገርና ንዛራረብ ኢሎም ስለ ዝሓተቱ ታለሲሮም ጉዳይ ሃገርና ከአ ዘርሞዘርሞ ኮይኑ ተሪፉ ክሳዕ ሕጂ'ዉን ከይትዓርዮ መዛረቢ ዓለም ኮይኑ ኣሎ፤ እናሃለ ድማ ሃገር ኣብ ሞንጎ ጥፍኣትን ድሕነትን ዝኾነ መስቀላዊ መገዲ ተን ጠልጢላ፤ ህዝቢ ኣብ ስግኣት ወዲቑ፤ ፍትሒ መታሕዞ ተሳኢኑዎ፤ መንእሰይና ተስፋ ኣልቦ ኮይኑ ንሃገር መርገጽ እግሩ ስኢኑላ፤ ከምዚ ኢልካ ክሳዕ ምእስ'ዩ ብማለት ሃጽ

ኢሉ እግሩ ናብ ዝመርሖ ዝጠፍኣላን መፈጠሩ ዘጸልኣላን ጋሃነ ብእሳት ኮይና ኣላ። እዞም ንዛረበሎም ዘለና ጆጋኑ እምብአር ነዚ ብህልዉ ኩነታት ተረኺቡ ዘሎ ሽግር ሃገርና ካብ'ዚ ዘሎ ስርዓት አዝዩ ብዝሓሸ ማለት ሀገር ካብ'ዚ ዘላቶ ብዘድሕንን ህዝብና ብዘቕስንን አገባብ ክፈትሑ ዝኽሉ ዝነበሩ ጆጋኑ ምኻኖም ንኹልና ብሩህ ከኸዉን አለዎ።
እዚ አባሃህላ እዚ ሓቂ ምኻኑ ዘረድእ ከአ ሀገርና ሕጂ ዘላቶን ንሳቶም ከለዉ ዝነበረቶን አብ ሚዛን ኣእቲኻ ምርአይ ጥራይ አኻሊ እዩ።
ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ዘይፍትሓዊ በላዕ ሰብ ዝኾነ ስርዓት አትሪሩ ይቃወም ከምዘሎ መጠን ንኹሎም እሱራት ኤርትራዉያን ነጻ ምዉጻእ ምስ ጉዳይ ሃገር ዝተአሳሰረ ስለ ዝኾነ ምስኡ ማዕረ-ማዕረ ሰሪዕና አቃልቦ ክንገብረሉ ዝግባእ እዩ።

ንሕና ህዝቦምን ትጽቢቶምን ኢና ብጆካና ካልእ ቁልሕ ዝብልዎን ካብኡ ተስፋ ዝገብሩን የብሎምን ኩሉ ትጽቢቶም ካባና እዩ፤ ንሃገርን ንህዝብን ተቓሊሶም ዘቃለሱ እዮም ሃገር ካአ ናይ ኩልና እያ ንሳቶም ከአ ምእንቲ እታ ኩልና ንፈትዋን ንሓልየላን መስዋእቲ ዝኸፈልናላን ዝሰንከልናላን ሃገርናን ምእንቲ መሰል መላእ ህዝብናን ምእንቲ መሰልናን ምእንቲ እታ ኩልና ንቃለሰላ ዘለና ፍትሕን እዮም ትአሲሮም ዘለዉ እሞ እዞም ንድሕነትናን መሰልናን ልዑላዉነት ሃገርናን ክብሉ ዝታስሩ እሞ መረርቲ ሳዓታትን ማዓልታትን ካብኡ ሓሊፉ ንዓመታት ብስቓይ እናሕለፍዎ ኡፌዩ ክትብል ሃየንታ ስለዘለዎ ብኹሉ እቲ ንኽእሎ ዘበለ ንሕብረተሰብ ዓለም አብ ምቅላዕን ዘኾነ ካልእ ካብኡ ዝዓቢ ድዩ ዝንእስ ዝክአለና ዘበለን ክንገብር ንኹልኹም ሃገራዉያን በዚ ዘሎ ሕማቅ ኩነታት ሃገርና ዘይቀሰን ኩምን በዚ አጋጣሚ እዚ ንጽዉዕን ነታሓሳስብን፤ ኩሉ ቅኑዕ ዘበለ ክንሓስብ እግ ዚአብሄር ይሐግዘና እግዚአብሄር ባዕሉ ድማ ምስ ኩሎም እቶም አብ ጸላም ዘለዉ አሕዋትና ይኹን።

ኤርትራዊ ማሕበር ንሰላም
አብ ባደንቩተንበርግ
ስቱትጋርት